# *ንእግዚኣብሔር ብፍርሓት ኣገልግሉዎ*
# *(መዝሙር ዘቅድስት)*

*ብኣባ ዓውተ ወልዱ ማኀ. ሲቶ*

*ካልኣይቲ ሰንበት ዘመነ ዓቢይ ጾም* ዘቅድስት ተባሂላ ትስመ።

ቅ. ያሬድ ከምኡ ኢሉ ዝሰመያ፡ ሰንበተ-ክርስትያን ክብርትን ቅድስትን ዕለት ምኻና ክንሓስብ ስለ ዝደለየና ኢዩ። ሰንበተ-ክርስትያን ክንብል እንከሎና ካብ ሰንበት ኣይሁድ (ማለት ቀዳም) ክንፈልያ ኢልና ኢና። በዛ ሰንበት እዚኣ ኣብ ቅዳሴ ዚንበቡ ንባባት እዞም ዚኽተሉ ኢዮም፡

1ይ ንባብ 1 ተሰሎ 4፡ 1-13 ፍቃድ ኣምላኽ ንስኻትኩም ክትቅደሱ ኢዩ....
2ይ ንባብ 1 ጴጥ 1፡13-25 ...ኣነ ቅዱስ እየ'ሞ ቅዱሳን ኩኑ...
3ይ ንባብ ግሐ 10፡ 17፡30 ድሕነት ኣምላኽ ንኹሉ ከምዝኾነ ይገልጽ
ምስባክ መዝ 96፡ 5-7 እግዚኣብሔር ሰማያት ገበረ፤
ግርማን ክብርን ይኸቦ
መቅደሱ ኸኣ ብሓይልን ጽባቐን ምሉእ እዩ።
4ይ ንባብ ማቴ 6፡ 16-25 ሃብትኻ ኣብ ዘለዎ ልብኻ ኣብኡ ኣሎ...

ሰንበት ሰሙናዊት ፋሲካ ኢያ። ስለዚ ናይቶም ብሞትን ትንሣኤን ናይ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዲሽ ፍጥረት ንምኳን ዝበቕዑ ምእመናን ቅድስቲ ሰሙናዊት በዓል ኢያ። ብግብርናን ብሓሳብናን ክንባርኻን ክንቅድሳን ክንቅደሰላን ከዓ ኢያ ተሠሪዓትልና። *"ኣምላኽ ከዓ ካብቲ ዚፈጠሮን ዚገበሮን ዝነበረ ኵሉ ግብሩ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ስለ ዘዕረፈ ንኣኣ ባረኻን ቀደሳን።"* (ዘፍ 2፡3) ኣምላኽ ንዝቐደሶ ምቕዳስ፡ ኣምላክ ንዝባረኾ ምቕባል ንኣና ቅድስናን ቡራኬን የፍርየልና።

ክርስቶስ ሥጋና ለቢሱ ብምሕረትን ብሕድገት ሓጢኣትን ንዓለም ኣሓዲሱ ንኹሉ ነገራት ከምብሓዲሽ ሠሪዑ፡ ንዕለታትን ኣዝማናትን ከይተረፈ ናይ ሓዲስ ኪዳን ሥርዓትን ቡራኬን ቅዳሴን ኣልቢሱዎ ኢዩ። ካብኡ ሃዲምናን ሸፊትናን ንዝነበርና፤ ሕዝቡን ፍቁራት ደቁን ምስገበረና *"እምበኣር ንሕዝቢ ኣምላኽ ዕረፍቲ ሰንበት ተነቢራትሎም ኣላ።"* (ዕብ 4፡9) ብምባል ናይ ሓድስ ኪዳን ብርኽትን ቅድስትን ዕለተ-ትንሣኤን ዕለተ-ምሕረትን ዕለተ-ዕርቅን ዕለተ-ሰላምን ገይሩ ሠሪዑልና። ስለዚ፡ ቅድስቲ ዕለት ኢልና በዛ ዕለት እዚኣ ነቲ ምእንቲ ቅድስናና ኢሉ ክርስቶስ ዝኣከል ንገዛእ ርእሱ ኣሕሊፉ ዝረኸበልና ጽድቂ ናትና ገርና፡ *"ኣቱም ኵሉኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን ናባይ ንዑ ኣነ ከዓ ከዕርፈኩም ኢየ"* ማቴ

11፡28 ንዝብለና ኣምላኽ ሰሚዕና፡ ብፍሉይ መንገዲ ውራይ ክብሪ ኣምላኽናን ውራይ ነፍስናን ውራይ ዘለዓለማዊ ናብራናን ንገብረላ ዕለት ኢያ።

ነዚ ተግባርዚ መሪሕ ኪኾነና ኢላ ከዓ ቅድሰት ቤተክርስትያን ንነፍስወከፍ ዕለተ-ሰንበት ነፍስና እንምገበሉ መኣዲ ቃል-ኣምላኽ ትሠርዓልና።

ናይ ሎሚ ንባባት ኃይሊ ቃሉ ንቅድስና ዝምልከት ኮይኑ፡ ብፍላይ ልብና ሃብትና ኣብ ዘለዎ ክህሉ ባህርያዊ ስለ ዝኾነ፡ ንልብና ዚገዝእ ዘበለ ከዓ ንጉሥና ስለ ዝኾነ፡ ንጉሥናን ጐይታ ልብናን ንኣምላኽ ብምግባር፡ ኣብ ሕይወትና ንኣምላኽ ብቐዳምነት ብምሥራዕ፡ እቲ ኪጠቕመናን ክንጥቀመሉን ኢሉ ኣብዚ ጊዜያዊ ሕይወትና ንዚህበና ምድራዊ ህያባት፡ ተጠቀምቱን መመሓዳደርቱን እምበር ወነንቱን ምንጩን ስለ ዘይኮና፤ ንሕና ብርእስና ናይ ኣምላኽ ብምኳና፡ በቲ ዘሎናን ብገዛእ-ርእስናን ከዓ ንኣምለኽ ክብሪ ክንህብ ዝተፈጠርና ለባውያን ፍጡር ብምኳና፡ ቃልናን ግብርናን እምነትናን ተግባርናን ብምስምማዕ ሕያው ክርስትያናዊ ናብራ ክነብር፤ ንኣምለኽ ዝለዓለን ብሕታውን ሃብትናን ዕላማናን፤ ናይ ጽባሕ ናይ ዘለዓለም ውርሻናን፡ ዘይበላሾን ዘይለዋወጥን ነባር ሃብትና ምኳኑ ተገንዚብና፡ ኣብዛ ሓላፊት ናብራ ንመላለስ።

ፍቃድ እምላኽ ንሕና ክንቅደስ ኢዩ። ቅድስና ከዓ ኣብ ሕይወትካ ንኣምላኽ ቀዳማይን ዝለዓለን ሥፍራ ምትሓዝ ይሓትት። ንኣምላኽ ኣብ ሕይወትካ ዝለዓለ ቦታ ምትሓዝ ማለት ከዓ ኵሉ እቲ ዘሎናን ኪህልወና ዚኽእልን ገዛእ ርእስናን ናይ ኣምላኽ ህያብ ምኳኑ ተረድእና፡ ብኵለንትናና ናብ ኣምላኽ ምውፋይ ማለት እዩ። እዚ ክንገብር ከሎና ንኣምላኽ ሃብትናን ተስፋናን መሠረት ጽድቅናን ቅድስናናን፡ ጌርና ልብናን ቀልብናን ናብኡን ንኣኡን ጥራሕ ጌርና ንካየድ ኣሎና ማለት እዩ።

እዚ ክንገብር ከሎና ኣምላኽ እንተጸወዓና ዕጫናን ክፍልናን ምስቶም መክሊት ጐይትኦም ብግቡእ ኣመሓዲሮም፡ "እሙን ኣገልጋሊ! ልብኻን ቀልብኻን ናብቲ ተራፍን ሓላፍን ንብረት ከይደረትካ፡ ኣብ ቅድመይ ብእምነት ስለዝተመላለስካ፡ ኣብ ወሑድ እሙን ኰንካ ስለ ዝተረኸብካ፡ ኣብ ብዙሕ እሸመካ ኣሎኹ። ኣብ ጊዜያዊ እሙን ስለ ዝኾንካ ከዓ ኣብ ዘለዓለማዊ ምሳይ ተካፋሊ ክትከውን፡ መዋርስተይ ክትከውን፡ እዚ ኵሉ ናተይ ናትካ'ውን ኢዩ" ዚብል ዓቢይ ብሥራት የስምዓና።

ፍቁራት ኣሕዋተይ! እግዚኣብሔር ንዓለም ብምፍቃር ንሓደ ወዱ ሃብትናን መድሓኒትናን በጃናን ኪኸውን ብምሃብ ኣሃብቲሙና ስለ ዘሎ፡ ነዚ ምድራዊ ሃብትና ከም በረኸት ኣምላኽና መጠን ብግቡእ ንጠቐመሉ፤ ግን ገንዘብና ኣብ ኢድና፡ ኣመላኽና ከዓ ኣብ ልብና ግቡእ ቦታታቱ ነትሕዞ።

ልብና፤ ክርስቶስ ንጉሥና ዝኸብረሉን ዝገዝኣሉን ዙፋን ፍቕሩ ኮይኑ ኪርከብ፡ ንልባ ዙፋን መድሓኒኣ ጌይራ፤ ብኣኡ ደስ ዝበላ ወላዲተ ኣምላኽ እግዝእትነ ማርያም፤ ልብና ከም ልባ፡ ሓሳብና ከም ሓሳባ፡ ናብ ኣምላኽ ንምልዓልን ንምውፋይን ብኣማልድነታ ትርዳእና። ኣሜን።

በዚ መዓልቲ ቤተክርስትያን እትዝምሮ መዛሙር ከምዚ ይብል፡

<u>መዝሙር፡</u> - ግነዩ ለእግዚኣብሔር ወጸውዑ ስሞ ወንግርዎሙ ለአሕዛብ ምግባሮ፡ ሀቡ ስብሐተ ለስሙ፡ ኣክብሩ ሰንበተ፡ ተገበሩ ጽድቀ፡ ዝግቡ ለክሙ መዝገበ ዘበሰማያት ኀበ ጻጼ ኢያማስኖ ወኢረክቦ ሰራቂ፡ ድልዋኒክሙ ንበሩ ዘበላዕሉ ኀልዩ ኀበ ሀሎ ክርስቶስ።

<u>መዝሙር፡</u> ንእግዚኣብሔር ኣመስግኑ ስሙ ድማ ጸውዑ፡ ነሕዛብ ግብርታቱ ንገርዎም፡ ንስሙ ክብሪ ሃቡ፡ ሰንበት ኣኽብሩ ንጽድቂ ድማ ተገዝእዋ። ነቕዝ ኣብ ዘየበልሽዎን ሠረቕቲ ኣብዘይረኽብዎን ኣብ ሰማያት መዝገብ ንርእስኻትኩም ኣመዝግቡ እሞ፡ ዕጡቓት ኰንኩም ክርስቶስ ኣብ ዚርከበሉ ላዕለዋይ ሰማይ ኀለዩ።

<u>ኣራራይ፡</u> - ለክርስቶስ ይደሉ ስብሐተ፡ ለዘአብጽሐነ እስከ ዛቲ ሰዓት፡ እግዚአ ለሰንበት ዘልማዱ ኂሩት፡ ሎቱ ስብሐት ለዘቀደሳ ለሰንበት።

<u>ኣራራይ፡</u> ነቲ ክሳዕ እዛ ሰዓት እዚኣ ዘብጸሓና ክርስቶስ ክብሪ ይግብኦ፡ ንሱ ጐይታ ሰናብትን ኃልዮት ዝልማዱን ኢዩ ኣሞ፡ ንሰንበት ዝቀደሳ ምስጋና ይብጸሓዮ።

<u>ዕዝል፡</u> - በወንጌል ኮነ ሕይወትነ ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሉያ፡ ሰንበት ቅድስት ለውሉደ ሰብእ መድኀኒት፡ ለሙታን መንሥኢ።

<u>ዕዝል፡</u> ሳላ ወንጌል ሕይወት ረኺብና፡ ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሉያ፡ ቅድስቲ ሰንበት ንደቂ ሰብ መድኃኒቶም፡ ንሙታን ድማ ምኽንያት ትንሣኤኦም።

<u>ሰላም፡</u> - ሰንበት ይእቲ ቅድስት ይእቲ፡ ሰንበት ተዓቢ እምኵሉ ዕለት እስመ ሰንበትሰ በእንተ ሰብእ ተፈጥረት፡ ሰንበት ሰንበታቲሁ ለውሉደ ሰብእ መድኃኒት፡ ጽዮን ቅድስት ሰላማዊት ስተርኢ እምርኁቅ ከመ ማኅቶት።

<u>ሰላም፡</u> ሰንበት ቅድስቲ ኢያ፡ ምእንቲ ሰብ ስለዝተፈጥረት ካብ ኵሉ ካልእ ዕለት ትዓቢ፤ እዛ ሰንበት ሰናብቲ ንደቅሰብ መድኃኒቶም፡ ካብ ርሑቕ ንሰላማዊት ቅድስቲ ጽዮን ከም ብርሃን ካብ ርሑቕ ተርእያ።